# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ባሕቲ መስከረም

ህዝቢ ኤርትራ ዝኸሪ መበል 44 ዓመት ናይቲ ብመሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራን ብጅግና ስውእ ጅግና ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብባሕቲ መስከረም 1961 ዓ.ም እተጀመረ ብረታዊ ተጋድሎ የኽብር ኣሎ። ካብዘን 44 ዓመታት እዚኣተን፥ እተን 30 ዓመታት ህዝብና ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘካየዶ ተጋድሎን ዝኸፈሎ መስዋእትን ኰነውን እንክሎ፤ እተን ዳሕረዎት 14 ዓመት ድማ፥ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕለፈን ናይ ስቅያት ዓመታት ኢየን።

ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ዘካየዶ ተጋድሎን ዝኸፈሎ መስዋእትን፥ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላምን ፍትሕን ማዕርነትን ብልጽግናን ክነብረላ ዝኽእል ዲሞክራስያዊ ሃገር ንምህናጽ ደኣምበር፥ ንባዕዳዊ መግዛእቲ፥ ብናይ ደቂ ሃገር መግዛእቲ፤ ንባዕዳዊ ባንዴራ፥ ብሃገራዊ ባንዴራ ንምትካእ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን፥ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ህግዲፍ፥ ንናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ናጽነትን ዲሞክራስን ባህግታት ብምጥላምን፤ ሰብኣውን ኣህጉራውን ሰማያውን ምድራውን ሕግታት ዘፍቅድዎ መሰረታዊ መሰላት ብምሕራምን፤ መግዛእቲ ካብ ዝፈጸሞ ጭቆናን በደልን ውርደትን ዝብእስ ተግባራት ኣካይዱ። ነታ ብ30 ዓመታት ናይ ውግእ ዝበረሰት ሃገር ዳግም ንምህናጽ፥ ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፥ ኣብ ፖለቲካውን ቍጠባውን ማሕበራውን ልምዓታውን መዳያት ናይ ህልውን መጻእን መደባት ኣብ ምቕራጽ ብንጥፈት ዘሳትፍን፤ ኵሉ ዓቕምታት ዝጽመደሉ መስርሕ ዝኸሰትን፤ ከምኡ ውን፥ ትጽቢታት ናይ ህዝብና ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ንምምላእ፥ ሞራላውን ንዋታውን ደገፍ ዘረጋግጽ ዝምድናታት ምስ ዞናናን ምስ ዓለምን ብፍላይ ድማ ምስ ጐረባብትና ዝኾና ሃገራት ክንፈጥር ኢዩ ዝግባእ ዝነበረ። እንተኾነ ግን፥ ስርዓት ኢሳያስ ስልጣን ካብ ዝጨበጠሉ ግዜ ኣትሒዙ በዚ ጕዳያትዚ ኣይተገደሰን። ውጽኢት ናይዚ ዝሓለፈ 14 ናይ ናጽነት ዓመታት ድማ፥ ንተሳትፎ ናይ ኵሎም ሃገራውያን ሓይልታት ዝዓግትን፤ ስልጣን ብሰልፊ ህግዲፍ፥ ከይዱ ከይዱ ድማ ብሓደ ውልቀሰብ ከምዝብሓትን ኰነ።

ዝምድና እቲ ስርዓት ምስ ጐረባብትን ኣህጕራውያን መንግስታት እንተኾነ ውን፥ ካብቲ ኵነታት ዝምድናታቱ ኣብ ውሽጣዊ መዳይ ዝሓሸ ኣይኰነን። ሽሕኳ፥ ዝምድና እቲ ስርዓት ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ መጀመርያ ጽቡቕ እንተነበረ፤ ንኹለን ሃገራት ብዘይኣፈላላይ ናብ ዝለኸየ ወተሃደራዊ ጐንጽታት ክሰጋገር ብዙሕ ግዜ ኣይወሰደሉን። እዚ ኣብዘን ዝሓለፋ 14 ዓመታት ንህልቂት ናይ ዓሰርተታት ኣሽሓት መንእሰያትን ንስደት ናይ ኣሽሓት ዜጋታትን ንማእሰርቲ ናይ ዓሰርተታት ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሃይማኖታውን መራሕትን ጋዜጠኛታትን ዘስዓበ፥ ኢሳያስ ከይተረፈ ውን ትርጉም ዘይብሉ ምኽኑ ዝኣመነሉ፥ ብፍላይ ድማ እቲ ምስ ኢትዮጵያ እተገብረ ውግኣት ዘባርዐ ባዕሉ ኢዩ።

ከም መቐጸልታ ናይቲ ጸረ ህዝብን ጸረ ረብሓኡን ዝኾነ መርሆኡ፥ ኣብ ዝሓለፈ ግንቦት፥ ናብ ኤርትራ ዝኣተዩ ሰብኣዊ ረዲኤት ቀረጽ ክኽፈለሉ ኣለዎ ዝብል ሕጊ ኣወጀ። ብሰንኪዚ ሕጊዚ፥ ሰብኣውያን ማሕበራትን መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ነቲ ብሓለንጊ ናይ ጥሜት ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ንምድሓን ኢለን ዝለገስኦ ረዲኤት ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣትሒዙ፥ ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ተዓጊቱ ጸኒሑ። ገለገለ ዲፕሎማቲከኛታት፥ እቲ ረዲኤት ንነዊሕ እዋን እንተደኣ ተዓጊቱ፥ ብሰንኪ ሙቐት ክበላሾ ከምዝኽእል ውን ኣጠንቂቖም። ከምኡ ውን፥ ዩኣስ.ኣይድ እተባህለ ናይ ኣመሪካ ናይ ረዲኤት ትካል፥

ኣብዚ ዝሓለፈ ወርሒ ካብ ኤርትራ ተባሪሩ። ክልተ ሲሶ ካብ ህዝብና ኣብ ረድኤት ኣብ ዝምርኰስሉ እዋን፡ ንዝለገሱ የቐንየልና ኢልካ ኣብ ክንዲ ምምስጋንን፤ ንዘይለገሱ ድማ ክልግሱ ኣብ ክንዲ ምትብባዕን፤ ንዝሃብኩምና ረዲኤት ቀረጽ ክፈልሉ ምባል፡ ዝኾነ ይኹን ጥዑይ ኣእሙሮ ዘለዎ ሰብ ዝቕበሎ ስነ-መጐት ኣይኮነን።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ብምቕጻል፡ ኣብ ዝሓለፈ መፋርቕ ናይ ወርሒ ሓምለ፡ ደቕኹም ኣብ ግዱድ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከይሳተፉ ኣህዲምኩም ወይ ሓቢእኩም ብዝብል ምስምስ ማእለያ ዘይብሎም ወለድን ኣዝማድን ናይ ኣገልግሎት ዘይሃቡ መንእሰያት ብዘይ ፍርድን ብዘይ ክስን ኣሲሩ። ካብ 10,000-50,000 ናቕፋ መቕጻዕቲ ከፊሎም ደቆም ከምጽኡ ድማ የገድዶም ኣሎ። ብተወሳኺ ገበኖም እንታይ ምዃኑ ዘይተፈልጠ 161 ዝኾኑ መንእሰያት ኣብ ዊዓ ተረሺኖም ዝብል ወረ ክናፈስ ቀንዩ ኣሎ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ሎሚ መበል 44 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ኣብ እነብዕ ለሉ ዘሎና እዋን ተስፋ ዝህቡ ምዕባለታት ኣብ ከባቢና ይርኣዩ ኣለዉ። ወከልቲ ሕቡራት ሃገራት፡ ነቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘሕልፍዎ ዘለዉ ጽንኩር ሃለዋት ብምግንዛብ፡ ነቲ ድሕሪ ናጽነት ንስደተኛታት ዝውሃብ ዝነበረ ደገፍ ደው ዘበለ ውሳኔታት ዳግመ-ርእዩቶ ክግበረሉ ክጠልቡ ጀሚሮም ኣለዉ። ኣብ ሱዳን ናይ ዕርቅን ስኒትን ሰላምን መስርሕ ሱር እናሰደደ ይኸይድ ኣሎ። ኣብ ኢትዮጵያ ውን ዲሞክራስያዊ ምርጫታት ንሳልሳይ ግዜኡ ተኻይዱ። እዚ ኩሉ፡ ኣብ ኤርትራ ጽልዋ ክህልዎ ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ኣብ ከባቢና መስርሕ ዲሞክራሲ እናተኻየደ፡ ኤርትራ ናይ ዲክታቶርነት ደሴት ኰይና ንነዊሕ እዋን ክትቕጽል ኣይትኽእልን ኢያ።

ሎሚ፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ንላዕሊ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ለውጢ ዕድል ኣሎ። ህዝብና ይኹን ጐረባብትና ንለውጢ ይጽበዩ ኣለዉ። ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ውን፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ሰብኣዊ መሰላት ከኽብርን፡ መስርሕ ዲሞክራሲ ከተኣታቱን፡ ብጋህዲ ክጽውዑ ይስምዑ ኣለዉ። ስለዚ፡ ነዚ ኩነታትዚ ብግቡእ ንምጥቃም ህዝብን ተቓወምቲ ውድባትን ኤርትራ ሓቢሮም ክሰርሑ ክኽእሉ ኣለዎም። ምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣዝዩ ተሃዋሲ ዝኾነ መድረኽ እምበኣር ኣዎንታዊ ጥራሕ ዘይኮነስ እዋናዊ ውን ኢዩ። ኣብ ክፍላ ናይ ዝመጽእ ወርሒ መስከረም ዝካየድ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ማዕረዚ ትጽቢታትዚ ክኸውንን ሰላምን ፍትሕን ዲሞክራስን ንምንጋስ ዘብቅዕ ንጡፍ ግደ ክጻወት ዘኽእሎ ስጕምትታት ክወስድን ንትስፎ።

ሎሚ ንኤርትራ ዝገዝእ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ብኹሉ መለክዒ ጸረ-ህዝቢ ብዛዕባ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ዝተዘርበሉን ዝተጻሕፈሉን ስለ ዝኾነ ከም ሓድሽ ዝለዓል ዛዕባ ኣይመስለናን። እቲ ስርዓት ነዚ ንምኽዋል ዝጥቀመሉ ዝነበረ መጋረጃታት ሎሚ ኩሉ ስለ ዝተቐልዐ ዋላ እቶም ውሑዳት ዕሉላት መጋበሪያ ናይ'ቲ ስርዓት እንተኾኑ እውን ናይ ስርዓት ህግዲፍ ክፍኣት ካብ ምቕባል ሐሊፎም ካልእ መተካእታ የብሎምን። እዚ ክበሃል እንከሎ ግና ምኽንያታት እናፈጠርካ ነቲ ስርዓት ከተድሕን ዝግበር ፈተነታት ምሉእ ብምሉእ ነጺፉ ማለት

# ኣብያተ-ማእሰርቲ ሓደ መርኣያ ግፍዒ ስርዓት ህግዲፍ

ኣይኮነን። ውሑዳት ንህዝቢ ኣዕሽዮም ሓቀኛ ስእሊ ናይቲ ስርዓት እናሓብኡ ዘይናቱ ልግስን ሓላይነትን እናሃቡ ንናይ ህዝብና ሃገራዊ ፍቕርን ኒሕን ብግጉይ መንገዲ እናመዝመዙ ኮበሮ ዝወቕዑ ዕ ቡዳት ኣይተሳእኑን። ነዚ ግጉይ ምርጭኦም ንምዕዋት ካብ ኤርትራ ወጻኢ ሰላማዊ ሰልፍታት ጸዊዖም ዝፈሸሉ'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ርሑቕ ከይከድና ናይዚ ቀረባ መዓልታት ናይ ለንደን ፍሽለት ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። እንተኾነ ግን፣ ዝያዳ ኩሉ ናይ ህግዲፍ ሓሶትን ከንቱ ስብከትን ክውንነት ስለ ዝስዕርስ ዝኣምኖም ተሳኢኑ ዘዝረገጽዎ መሬት ክሃሞም ንዕዘብ ኣለና። እምበኣር ኣብዚ እቲ ቁምነገር እቲ ስርዓት እናሃመጠን እናሃሰሰን ክኸይድ እንከሎ ስኽ ኢልካ ተዓዛባይ ምዃን ዘይኮነስ፥ ብሓደ ወገን ንውድቀቱ ዘቀላጥፍ፣ በቲ ካልእ ወገን ድማ ኣብ መቓብሩ ብዛዕባ ዝንጸፍ ህዝባዊ ስርዓት ምሕሳብን ብግብሪ ምንቅስቓስን ኣገዳስን እዋናውን ዕማም ህዝቢ ኤርትራ እዩ። እዚ ድማ ብብዙሕ ኣጋጣሚ፣ እሞ ድማ በቲ ትኽእሎን የድምዕ ኢልካ ትኣምነሉን ዓቕምን ኣገባብ ቃልስን ዝፍጸም ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ሓላፍነት ዝሓትት እዋናዊ ተግባር እዩ።

ናይ ስርዓት ህግዲፍ ሕማቕ ገጽ ካብ ዝንበበሉ ተግባራት ሓደ ጉዳይ እቲ ደረቱ ዝሓለፈ ማእሳርቲ ናይ ዜጋታት ከም ዝኸውን ንረዳድኣሉ ጉዳይ ይመስለኒ። ስለምንታይ እቲ ነዚ ዝምልከት ኤርትራዊ ክውንነት እንዳ ኩሉ ኤርትራዊ ማዕጾ ዝኳሕኩሐን *...ኤርትራ ናብ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ዝተለወጠት ሃገር...* ናብ ዝብል መደምደምታ ዘብጽሐን ስለ ዝኾነ። ናይ'ዚ ኣበሃህላ'ዚ ትርጉም ኣብ ኤርትራ ብዙሓት እሱራትን ኣብያተ-ማእሰርትን ኣለዉ ማለት ጥራይ ኣይኮነን። እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ናይዚ ኣበሃህላ'ዚ ትርጉም እንተላይ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘይተኣሰረ ዝበሃል ዜጋውን ካብቶም ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ዘለዉ ዝሓሸ ነጻነትን መሰልን የብሉን ማለት እውን እዩ። እዚ መልእኽቲ እዚ ኣብ ኤርትራ፣ ዘእስር ገበን ስለ ዝፈጸምካ ዘይኮነስ፥ እቲ ስርዓት ንምእሳር ከም ሓደ ናይ ህልውናኡ መረጋገጺ ስለዝወሰዶ እዩ ማለት'ውን እዩ። ኮታ እዚ መደምደምታ'ዚ ኤርትራውያን ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ተወዳዳሪ ብዘየብሉ ኩነታት ይሳቐዩ ኣለዉ ማለት እዩ። ከምቲ ኤርትራ ብተኸታታሊ ሰንሰለታዊ መግዛእቲ ዝሓለፈት ዘጋታታ'ውን ብዝተፈላለየ ሰንሰለታዊ ኣገባብ ኣተኣሳስራታት ሓሊፎም እዮ እሞ እዚ ናይ ሎሚ ድሕሪ ነጻነት ማእሰርትን ኣገባቡን'ውን ካብ ናይ ግዜ መግዛእቲ ዝኸፈአ'ምበር ዝሓሸ ኣይኮነን ማለት'ውን እዩ።

ኩሉ ከም ዝፈልጦ ኤርትራውያን ኣብ ግዜ ስርዓት ህግዲፍ ስለምንታይ ከም ዝእሰሩ ኣይፈልጡን እዮም። ብቤተሰቦም ኮነ ብጠበቓኦም ክረእዩ መሰል የብሎምን። ኣየናይ ኤርትራዊ ኣበየናይ ቤት ማእሰቲ ተዳጒኑ ኣሎ ዝፈልጥ የለን። ናብ ፍርዲ ምቕራብ ዝበሃል ነገር የለን። ኮታ ብዛዕባ'ቲ ኤርትራውያን ኣብ ኣብያት-ማእሰርቲ ሰሕልፍዎ ዘለዉ ሕማቕ ህይወት ንኩሉ ኤርትራዊ ንጹር ኣብ ልዕ ሊ ምዃኑ ዘርዚርካ'ውን ስለ ዘይውዳእ ሰፊሕ ግዜ እንህቦ ኣይኮነን።

ኤርትራውያን እዚ ኩሉ ሲኦል ዘግጥሞም ዘሎ ብዘይካ ካብ ድሌትን እምነትን ህግዲፍ ነዓኣቶም ንዝሓሸ መጻኢ ኣብ ኤርትራ ኮይኑ ዝተራእዮም ርኢቶ ምእማት፣ ካልእ ሓጢያት ስለዘለዎም ከምዘይኮነ ርኢና'ለና። ብሓጺሩ ንምጥቃስ ግና፣ ኤርትራውያን ዝእሰሩ ወሳኒ ተራ ህዝቢ ብበሓቲ ውድብ ኣይመንጠል ስለ ዝበሉ እዩ። ኤርትራውያን ዝእሰሩ ካብ ህግዲፍ ወጻኢ ናይ ካልኦት ውድባት

ኣባላትን ሰዓብትን ስለ ዝኾኑ እዩ። ኤርትራውያን ዝእሰሩ ናይ ህዝብና መንግስቲ ዘይቆጻጸሮ ሓበሬታ ናይ ምርካብ መሰል ይተሓሎ ኢሎም ስለ ዝኣመኑን ንትግባረኡ ስለ ዝተንቀሳቐሱን እዮም። ኤርትራውያን ዝእሰሩ ናቲ ንሳቶም ይሕሽና ኢሎም ዝመረጽዎ እምነት ሰዓብቲ ብምኳኖም እዩ። ኤርትርውያን ዝእሰሩ ትምህርትና ኣቒሪጽና ናብ ግዱድን ብኣፍልጠ ህዝቢ ዘይምራሕን ዕስክርና ኣይንኸይድን ኢና ስለ ዝበሉ እዮም።

ኣብ ኤርትራ ምእሳር ጾታ ሃይማኖትን ዓሌትን ዘይፈሊ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኤርትራዊ ተጻዊኑ ዘሎ ሓደገኛ ዕዳ እዩ። እቲ ስርዓት ነቲ ግናይ ከፋፊልካ ግዛእ ዝብል ፖሊሲኡ ንምዕዋትን ህዝቢ ሓቢሩ ከምዘይምክቶ ንምግባርን ንሓንሳብ ሓደ ሃይማኖት ኣሳሪ እቲ ሓደ ድማ ተኣሳሪ፤ ንሓንሳብ ድማ ሓደ ዓሌት ኣሳሪ እቲ ካልእ ድማ ተኣሳሪ ኣምሲሉ ንምቕራብ ፈተነታት ይገብር እዩ። እንተኾነ ግና እዚ እውን ከምቲ ካልእ ሕሉፍ ውዲታቱ ብህዝቢ ተነቒሑሉስ ኣበርዒኑ እዩ። እዚ ግዕዘይ ኣካይዳ'ዚ ኣብ ኤርትራ ብዝተፈላለዩ መግዛእታዊ ሓይልታት'ውን ተፈቲኑ ዝፈሸለ እዩ።

ኣብዚ ንርከበሉ ዘለና እዋን ህልዊ ኩነታት ኤርትራ ናይ ዓለም ቆላሕታ እናረኸበ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ቆላሕታ ናብ ኤርትራ ክጥምት ድማ ብዘይካ'ቲ ሓደገኛ ቍጠባዊ ቅልውላው ብዝሕን ጨካን ኣተሓሕዛን እሱራት ስርዓት ህግዲፍ እውን ካልእ ተወሳኺ ኤርትራ ኣብ ዓይኒ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ክትኣቱ ኣስተዋጽኦ ዝበርከተ ተረኺቦ እዩ። እንተኾነ ኤርትራውያን፡ ኩነታት ኤርትራ ዓለም ለኻዊ ቆላሕታ እናረኸበ ይኸይድ ስለ ዘሎስ እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ኣብ ኢድ ካልኦት ከምዘሎ ገይሮም ብምውሳድ ከራጥጡ ኣይግባእን። ብኣንጻሩ ከምዘ በዓል ....ረሊዝ ኤርትራ.... ዝኣመሰላ ሃገራውያን ዘይመንግስታዊ ትካላት ጀሚረነኦ ዘለዋ ኤርትርውያን በብዘለውዎ ሕማቕ ስእሊ ናይቲ ስርዓት ኣብ ቅድሚ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ናይ ምቅላዕ ምንቅስቓሶም ከሕይሉ ይግባእ። ሳሙኤል ገብረገርግስን ተኽለ ገብረገርግስን ዝበሃሉ ኤርትራውያን ኣሕዋት መንእሰያት ዘካይድዎ ናይ 1200 ኪሎ ሜትር ናይ እግሪ ጉዕዞ ካብ ጀነቫ ናብ ሮማ እሞ ድማ ዕላማኡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ምቅላዕ ዝኾነ ከም ኣብነት ዝውሰድ ኣውንታዊ ተመኩሮ እዩ። ኤርትራውያን ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ነዚ ናይዞም መንእሰያት ተበግሶ ንምትብባዕ 20 ሓምለ 2005 ምሸት ሰዓት 8 ሽምዓ ኣብሪሆም ንሓሙሽተ ደቓይቕ ንኤርትራውያን እሱራት ክዝክርዎም ምስምምዖም ድማ ካልእ ናይ ህዝብና ሓድነት ኣንጻር ስርዓት ህግዲፍ ዘመልክት ተባዕ ስጉምቲ እዩ።ንመጻኢ'ውን እዚ ነቲ ስርዓት ዘርዕዶን ድምጺ ኤርትራውያን ኣብ ቅድሚ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ዘቃልሕን ተግባር ክቕጽል ይግበኦ።ኣብያተ ማእሰርቲ ሓደ መርኣያ ስርዓት ህግዲፍ ምኳነን ኣብ ምርኣይ ድማ ሓጋዚ እዩ።

ከምቲ "...እናሓደረ በሓቜ.." ዝበሃል ምስላ ወለዲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት እናገደደ ክኸይድ እምበር ክመሓየሽ ተራእዩ ኣይፈልጥን እዩ። ማለት እቲ ናብ ጥሜት ዘምርሕ ምዕባለ እናገደደ ክኸይድን ናብ ዋሕዲ ንዘርኢ ዝኸውን እኽሊ ክዛይድን ንርኢ ኣለና። እቲ ናይ መንግስቲ በሓቲ ቁጠባዊ ፖሊሲ'ውን መመሊሱ እናገደደ መንግስቲ ህግዲፍ ንኩሉ ናይ ብሕቲ ንግዳዊ ትካላት ዓጽዩ ተወዳዳሪ ዘይብሉ ከሳባይ ኮይኑ ንህዝብና ኣብዚ ሕማቕ ዘበን ብኩቦናት ዝሰርሓ ድኳናት ከፊቱ ብዘይተኣደን ክብሪ መሰረታዊ ነገራት ይምዝምዞ ኣሎ።

# እናገደደ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ኤርትራ

ንመእሰያት ካብ መኣዲ ትምህርቶምን ካብ ሕቑፊ ወለዶምን እናማዛበለ ናብ ግዱድ ወተሃደራዊ ተግባራት ይወስዶም ኣሎ። መንእሰያት ሃገሮም ትምህርቶምን ወለዶምን ጸሊኦም ዘይኮነስ መሬት ከም ኣፍ ዕንቍ ምስ ጸበብቶም ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ይሃድሙ ኣለዉ። ኣብቲ ህድማ ኣደዳ ኣራዊትን ካልእ ተፈጥሮኣውን ሰብ ዝሰርሖን ሓደጋታት ይኾኑ ምህላዎም እውን ለሚ ኣይኮነንዶ ነዓና ንኤርትራውያንስ ንሱዳናውያን ንሊቢያውያንን ንኤውሮፓውያንን እውን ምስጢር ኣይኮነን።

ናይቲ መንግስቲ ኣስካሕካሒ ተግባራት ሎሚ'ውን ጌና ቀጻሊ ኢዩ ዘሎ። ምናልባት ኣብ ግዜ ባዕዳዊ መግዛእቲ እንተዘይኮይኑ ኣብ ካልእ መዋእል ግና ተራእዩን ተሰሚዑን ብዘይፈልጥ ኣገባብ ንዓቕመ ኣዳምን ሄዋንን ዝበጽሑ ደቆም ብዝወሰድዎ ስጉምቲ ንሳቶም ከም ገበነኛታት ተወሲዶም ኣደዳ ማእሰርትን ዕ ዳን ካብ ዝኾኑ ነዊሕ እዋን ኮይኑ ኣሎ። እዚ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ሃጽ ኢሎም ብዝጠፍኡ ደቆም ዘለዎም ሻቕሎት ተወሳኺ ስቓይ ምዃኑ እዩ። ናይ ለንቅነ ድማ ዝገደደ ንኩሎም ደቆም ካብ ኣፍልጦ ስርዓት ህግዲፍ ወጻኢ ካብ ኤርትራ ዝሃደሙ ወለዲ ሰፊሕ ናይ ምእሳር ወፈራ ብዞባ ደቡብ ማለት ዝሰፍሐ ክፋል ኣውራጃ ሰራየን ኣከለጉዛይን ብዘጠቓልል ከባቢ ተጀሚሩ እነሆ። እዚ ሓደገኛ ወፈራ እዚ በዚ ዝተጠቐሰ ከባቢ ዝድረት ዘይኮነስ ንከተማ ኣስመራ ሓዊስካ ናብ ኩለን ዞባታት ክልሕም ምዃኑ ዝእምቱ ሓበሬታታት እውን ኣለዉ። እዚ ብዓይነቱ ከም ዝለዓለ ጨካን ባህሪ ስርዓት ህግዲፍ ምዃኑ ተመዚኑ ዘሎ ተግባር'ዚ ካብ ሓንቲ ስድራቤት ሓደ ውላድ እንተደኣ ዓቕሉ ምስ ጸበቦ ካብ ኤርትራ ከም ዝወጸ ተረጋጊጹ እቲ ቀዳማይ ናይ ግፋን ማእሰርትን ግዳይ ዝኸውን ኣቦ እዩ። ኣቦ እንተዘይተረኺቡ ድማ ኣደ፣ ኣደ እንተዘይተረኽበት ድማ እዚ ማእሰርትርን ግፍዕን ናብ ዝዓበየ ሓውን ዝዓበየት ሓብትን ከም ዝቕጽል ካብቲ ከባቢ ዝተረኽቡ ሓበሬታታት የረድኡ ኣለዉ። ኣብዚ ሕሱም ወፈራ እዚ ብዕድመ ምድፋእ ኣካል ምጉዳል ነፍሰ-ጾርነትን ካልእ ሰብ ዝፈጠሮ ኮነ ብተፈጥሮ ዘጋጠመ ጸገም ካብ ማእሰርቲ ኣየድሕንን እዩ። ከምዚ ስለ ዝኾነ ድማ ብዙሓት ዓ ይነ-ስዉራት ምስ መራሕቶም ከም ዝተኣሰሩን ብዙሓት ኣዴታት ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ከም ዝተገላገላን ጸ-በጻባት ይሕብሩ ኣለዉ።

ነዚ ኣረሜናዊ ተግባራት ንምፍጻም ኣመሓደርቲ ዞባታትን ሚኒስተራትን ዝተሳተፍዎ ኣካል ናይዞም ግዳያት ዝርዝር ንምእሳር ዝሕግዝ ኣድራሻታት ብምስጢር ክጻሪ ከም ዝጸንሐ ተረጋጊጹ ኣሎ። እዚ ናይ ሕጂ ናይ ምእሳር ማዕ በል ድማ በዚ ኣቐዲሙ ዝተዋደደ ተንኮላት መሰረት እዩ ተኻይዱ። እዚ ተግባር'ዚ ካብ ዘብርሆ መሰረታዊ ጉዳይ እምበኣር ስርዓት ህግዲፍ ዝያዳ ልምዓትን ምትካል ህዝባዊ ስርዓትን፥ ብማእሰርትን መጭወይትን ናይ ዚጋታቱ ከም ዝግደስን፤ ዘለዎ ዓቕሚ ቅድሚ ኩሉ ናብዚ ከምዘዋፍርን እዩ።

እዞም ዝእሰሩ ዘለዉ ወልዲ በቲ ዝእሰርሉ ዘለዉ ጉዳይ ተሓተቲ ኣይኮኑን። እዚ ዝእሰርሉ ዘለዉ በቲ ስርዓት ገበን ዝበሃል ብቤት ፍርዲ ኮነ ካልእ ናይ ሕጊ ኣካላት ኣይፍለጥን እዩ። ንመጻኢ መዋጸኦን ምጽራይን ክረኽቡ እዮም ማለት ድማ ፈጺምካ ዘይሕሰብ እዩ። ኩልና ከም እንፈልጦ ሎሚ ኤርትራ ሓንቲ ካብተን ካብ ዓቕመን ንላዕሊ ዝበዝሑ እሱራት ዘለውወን ሃገራት እያ። ደረጃኡን ንወዲሰብ ዘለዎ ምቹእነትን ብዘየገድስ ኩሉ ኣብያተ ማእሰርትን መደበራት ፖሊስን ኤርትራ ብእሱራት ካብ ዝመልእ

ሓያሎይ ዓመታት ሓሊፉ እዩ። ስለዚ እዞም ሎሚ ብኣልማማ ዝእሰሩን ዝግፈፉን ዘለዉ ወለዲ ኣበይ ይእሰሩ ኣለዉ ምግማት ዘጸግም ኣይኮነን። ማለት እቲ ዝእሰርሉ ዘለዉ ጐዳጉድን ናይ ሓጹር ደንበታትን ኣይኮነንዶ ንጥዕና ዘይጻባእ ክኸውንስ ኣብዚ ወረሓት ከረምቲ ካብ ተራ ዝናብ ንፋስን ቁርን ዘይከላኸል መዳጐኒ ቦታታት እዮም። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ኣተሓሕዛ'ዚ ክንደይ ወለዲ ከም ዝመቱን ሕዱር ሕማም ከምዘሕድሩን ምግማት ዘጸግም ኣይመስለንን።

ናይ'ዚ ሓደገኛ ወፈራ እዚ መሰረታዊ ዕ ላማ እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ኣብ መጻኢ ዝረአ'ኳ እንተኾነ፤ ክሳብ ሕጂ ብዘሎ ኩነታት እቲ ስርዓት ብመጀመርያ ነቲ ህዝቢ ንምድሃሉ ዝሰርዖ ኮይኑ፣ በዚ ኣቢሉ ቀጻሊ ዋሕዚ መንእሰያት ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ክዓግት ድሌት ከምዘለዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ካብዚ ሓሊፉ በዚ ኣሳቢቡ ብመልክዕ ብቤት ፍርዲ ዘይተራእየ ዕዳ ካብ ህዝቢ ገንዘብ ናይ ምእካብ መደብ ከም ዝህልዎ እውን ካብ ተመኩሮ ተበጊስካ ምግማት ኣየጸግምን። ምናልባት እውን እቲ ብዘይ ኣፍልጦ ህግዲፍ ተሰዊሩ ዝተባህለ ውላድ ኣብ ኤርትራ ተሓቢኡ እንተ ተረኺቡ 10 ሺሕ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ተዘይ ተረኺቡ ድማ 50 ሽሕ ናቕፋ ዕዳ ናብ ወለዲ ክጸዓን እዩ ዝብሉ ሓበሬታታት እውን ይናፈሱ ኣለዉ። እዚ ድማ ኩሉ ኤርትራዊ ነዚ ዕዳ ከፊሉ ነብሱ ካብ ቤት ማእሰርቲ ከድሕን ናይ ኢዱን እግሩን ክበትኽ እዩ። ከምኡ ገይሩ ነዚ ዓቕን ክኸፍል ዘይክእል ብዙሕ ከም ዝኸውን ብዙሕ ከም ዝኸውን እውን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እቲ እናሓደረ ዝያዳ ዘሕዝን ድማ ነዚ ሰፊሕ ግፍዓዊ ማእሰርቲ ወለዲ ዘካያዳ ዘለዋ ሕሩያት ክፍለ-ሰራዊታት ስርዓት ህግዲፍ ምዃነን እዩ። ናይዘን ክፍለ ሰራዊታት መራሕቲ መብዛሕትኦም ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ተጋደልቲ ዝነበሩ እሞ በዞም ሕጂ ጨኪኖም ዝኣስርዎም ዘለዉ ወለዲ ብግዜ ለይቲ ከይተረፈ ዝዕ ንገሉ ዝነበሩ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ግዜ ውግእ ምስተወቕዑ እውን በዞም ሕጂ ዝኣስርዎም ዘለዉ ወለዲ እናተጾሩ እዮም ናብ ኣብያተ ሕክምና ከይዶም ህይወቶም ዘድሕኑ ነይሮም። እሞ ነዚ ኣብ ጎኖም ኮይኑ ብህይወትን ብጉልበትን ንዋትን ቅያ ሰሪሑ ነጻነት ዘውሓሰ ተባዕ ህዝቢ ደቁ ከምዚ ክፈድይዎስ ምስ ምንታይ ይቑጸር? ብርኢቶና ናይቶም ነዚ ከም ዓቢይ ጉዳይ ወሲዶም መደባት ተሊሞም ዝመርሕዎ ዘለዉ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግዲፍስ ንግደፎ'ሞ ስለምንታይ ረብሓኦም ምስ ህዝቢ ከምዘይኮነ ካብ ዘግህዱ ነዊሕ ግዜ ኮይኑ እዩ። እቶም ረብሓኦም ካብ ረብሓ ህዝቢ ዘይፍለ ወተሃደራት ኣብዚ ንህዝብና ቀትሪ እንከሎ ጸልሚትዎ ዘሎ እዋንከ ምስኡ ተሰሊፎም ካብ ምንጋጋ ህግዲፍ ከድሕንዎ ዘይለዓልሉ ምኽንያት እንታይ ኣለዎም። ኩነታት ክቕየር እዩ ስርዓት ህግዲፍ እውን ነበረያነበረ ክኸውን እዩ።ሽዑ እዞም ሎሚ መሳርሒ እቲ ስርዓ ት ኮይኖም ጸሊም ተመኩሮ ሰራዊት ባዕ ዳውያን ገዛእቲ ኣብ ኤርትራ ዝደግሙ ዘለዉ ብውሕዱ ክጠዓሱ እዮም። ምናልባት እውን ህዝቢ ይሓቶም ይኸውን። ስለምንታይ ኣብ ርሑቅ ከይከድና ናይ ድሕሪ ውድቀት ዲክታተርያዊ ስርዓታት ተመኩሮ ካብ ሃገራት ማእከላይ ኣፍሪቃ ምዕዛብ ይከኣል እዩ።

ናይ ህዝቢ ሓልዮትን ተገዳስነትን ዘለወን መንግስታት ብቐዳምነት ዝሓስብኦን ኣብ መደባተን ዘእትውኦን ናይ ህዝበን ሓፈሻዊ ኩነታት እዩ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ፣ እቲ ዝሕሰብን ዝትለምን ዕዉት ምእንቲ ክኸውን ህዝቢ ካብ መጀመሪያ ከም ዝሳተፍ ምግባር እውን ናይ ግዱሳትን ሓላይትን መንግስታት መለክዒ እዩ። ኣብ ኣፈጻጽማ እቲ ዝሕንጸጽ መደባት ድማ፣ ህዝቢ ብቐጥታ ከም ዝሳተፍ ይግበር። መምዘኒ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን ናይቲ መደባት ናይ ድማ፣ ህዝቢ በቲ ውጽኢት ረቢሑዶስ ኣይረብሐን ዝብል ኢዩ መቐየሲኡ። እዚ ምስ ተማለአ እውን ጸገማት ኣየጋጥምን እኳ እንተዘይተባህለ

# ሓጋዚኣ ተረኣየትስ መዲዳኣ ትሓብእ

እቲ ከጋጥም ዝኽእል ተፈጥሮኣዊ ድኹን ሰብ ዝሰርሖ ጸገማት ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ክንክይ ይኽእል። እዚ መንግስታዊ ሓልዮት'ዚ ኣብ ቁጠባዊ መዳይ እሞ ድማ ኣብ ውሱን ግዜ ጥራይ ዘይኮነስ፥ ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወትን ኩሉ ግዜን ክረአ ዝግብኦ እዩ።

ናይ መለኽትን ወጻዕትን መንግስታት ኣካያይዳን ኣሰራርሓታትን ግን ብኣንጻሩ እዩ። በይኖም ይትልሙ። በይኖም ክፍጽሙ ይፍትኑ። እቲ መደባት ክሰርዑን ክሕንጽጹን እንከለዉ ከም ቀንዲ መበገሲ ዝወስድዎ፡ ናቶም ጉጅላዊ ጥቕሚ ደኣምበር፡ ናይቲ ሓፋሽ መሰረታዊ ረብሓ ኣይኮነን። ናይቲ ህዝቢ ጸገምን መከራን ንዓኣቶም ኣየገድሶምን። ምናልባት'ውን ብናይቲ ህዝቢ ጸገም ኣይግደሱን ጥራይ ዘይኮነስ ንሳቶም ንገዛእ ርእሶም ነቲ ህዝቢ ተወሳኺ ጸገምን መከራን ይኾንዎ ወይ ጸገም ይፈጥርሉ። እቲ ህዝቢ ብናቱ ጻዕሪ ጸገማቱ ንክፈትሕ ንዘርእዮ ተበግሶ ድማ ዕንቅፋት ይኾንዎ። ኣውያቱ ብኻልኦት ግዱሳት ከይስማዕ እሞ፡ ንጸገማቱ መፍትሒ ከይድለየሉ፥ ነቲ ህልው ኩነታት እናዓበጡ ዘየለ ጃህራን ብደዐን ዝመሰረቱ ዳንኬራ የብዝሑ። በዚ ድማ ጸገማት ህዝቢ ከይተፈትሐ ይነብር፡ መነባብሮኡ ድማ ይኸፍእ። ነዚ ዳሕረዋይ ኩነታት ንምርዳእ ዝሕግዝ ኣብነት ንምጥቃስ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሃለዋትን ዝምድና ህዝብን መንግስትን ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ስርዓት ህግዲፍ በይኑ ዝሓስበን ኣካይድኡ ካብ ባህግን ትጽቢትን ህዝብና ዝረሓቐ ምዃኑን ቅድሚ ሕጂ ብብዙሓት ተዘሪብሉን ተጻሒፍሉን ስለ ዝኾነ ሕጂ ብዝርዝር ክንዛረበሉ ኣድላዩነት የብሉን። ንምብራህ ዝኣክል ግን፡ ምስቲ ኣብ ኤርትራ ዝርኣን፤ ንኩሎም ግዱሳት ኣካላት ብደረጃ ዓለም'ውን ከይተረፈ ኣሻቒሉን ዘሎ ጥምየት ብዝተተሓሓዘ ሓድሓደ ነጥብታት ምጥቃስ ኣገዳሲ እዩ። ነቲ ሎሚ ኣብ ሃገርና ዝርአ ዘሎ ዘሰካሕክሕ ሓደጋ ጥምየት መንቀሊኡ እንታይ ምዃኑ'ውን ብብዙሓት ነቲ ኩነታት ብቐረባ ዝተኸታተልዎን ብዛዕባኡ ኣፍልጦ ዘለዎምን ወገናት ሓያሎይ ግዜ ተተንቲኑ እዩ። ብመሰረት ኩሎም ወገናት ዝህብዎ ምስክርነት ድማ እቲ ኣብ ኤርትራ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ ጥምየት ምስ ግጉይ ኣመራርሓ እቲ ስርዓት ዝለዓ ለ ዝምድና ከም ዘለዎም ርዱእ ጉዳይ እዩ።

ንኣብነት ኩሉ ክሰርሕ ዝኽእል ኤርትራዊ ሓይሊ ሰብ ናብ ግዱድ ዕስክርና ምውሳድ፡ ልሙዕ መሬት ብዘይ ኣፍልጦን ወኸሳን ህዝቢ ምህጋር፡ ኩሉ ዓይነት ቍጠባዊ ምንቅስቓስ ብመንግስትን ናቱ ትካላትን ገቢትካ፡ ንብሕታዊ ክፋል ቁጠባ ምልማስ ወይ ጠቕሊልካ ካብ ውድድር ምውጻኡ፡ ኣብ ዘየለ ኩነታት ብብደዐ ተወጢርካ ናይ ደገ ሓገዝ ኣይንቕበልን ኢና ምባልን፥ ኣብ ዝኾነ ምስሕሓባት ንሰላማዊ መፍትሕታት እናገደፍካ ንውግእን ዕግርግርን ከም ቀዳማይ ምርጫ ምውሳድን ናይ ኣዝዮም ብዙሓት ዜጋታት ምምዝባልን ወትሩ ዝግለጹ ኣብ ኤርትራ ኣጋጢሙ ናይ ዘሎ ሓደጋ ጥምየት ጠንቅታት እዮም።

ሕብረተ ሰብ ዓለም፡ ነቲ ኩነታት ጥምየት፡ ከምቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓ ት እናረኣየ ከም ዘይረኣየ ኮይኑ ኣይሓለፎን። ብኣንጻሩ ህይወት ሰባት ንምድሓን ላዕልን ታሕትን ክብል ጸኒሑን ኣሎን። እቲ ምንቅስቓስ ብመንጽር እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስፍሓትን ዕምቆትን ናይቲ ጥምየት እኹል ከምዘይኮነ ግን፡ ኩላትና እንርድኦ'ዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ጥምየት ከምቲ ክብደቱ ብእዋኑ ግቡእ ቆላሕታ ንከይረክብ፡ ልክዕ ከምቲ መንቀሊኡ ምኽንያታት ብዙሕ እዩ ዝበልናዮ፡ ቆላሕታ ናይ ዘይምርካቡ ምኽንያታት እውን ብዙሕ እዩ። ኣብዚ እውን እቲ ከም ቀንዲ ዓንቃፊ ዝጥቀስ ናቲ መንግስቲ ኣተሓሕዛ እዩ። እዚ ብዓ ንተቦ እሞ ብዕቱብ ኣገባብ ንገበርቲ ሰናይ

ትካላት ክትሕብር ካብ ዘይምድላይ እዩ ዝጀምር። ኩነታት ባዕሉ ድሕሪ ምግንፋሉ፣ ናይ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ቆላሕታ ክረክብ ምስ ጀመረ ድማ ኮነ ኢልካ ምስ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዘየሳንን ዘየሰርሕን ቀያዲ ሕግታት ምውጻእ ነቲ ጸገማት ካብ ዘጋድዱ ተግባራት ናይቲ ስርዓት እዮም።

እዚ ክበሃል እንከሎ ንስለ ዘረባ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ኩሉ'ቲ ዝሓለፈ ገዲፍና ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጉንበት 2005 መንግስቲ ዘውጸኦ፣ ንምንቅስቓስ ዘይመንግስታዊ ትካላት ኣብ ኤርትራ ዝዕ ንቅፍ ሓዲሽ መምርሒ ከም ርኡይ መረጋገጺ ምጥቃስ ዝከኣል እዩ። ቅድም ዘይነበረ እተን ትካላት ህይወት ህዝቢ ዘድሕን ረዲኤት ክእትዋ እንከለዋ ቀረጽ ክኸፍላ፣ ኣብ ባንክ ክብ ዝበለ ዓቐን ገንዘባዊ ትሕጃ ክቕምጣን ዝርዝር ናይ ምንቅስቓሰን ጸብጻብ ናብ መንግስቲ ከቕርባን ገለ ካብ ትሕዝቶ ናይቲ ሓድሽ ሕጊ እዩ። እዚ ሕጊ እዚ ብሃንደበት ብሰንኪ ምውጻኡ ንሓያሎይ ካብ'ቲ ንህዝቢ ኤርትራ ቃል ተኣትዩሉ ዝነበረ ሓገዝ ከም ዘደናጉዮ ወይውን ጠቕሊሉ ከም ዘትርፎ ይግመት። እቲ ዝያዳ ዘሕዝንን፣ ዝለዓለ መዛረቢ ዛዕባ ኮይኑ ዝቐነየን ድማ፣ ኣዝዩ ብዙሕ ናይ መግቢ ሓገዝ ኣብ ወደብ ባጽዕ በጺሑስ እቲ ስርዓት ቀረጽ እንተዘይተኸፊልዎ ኣይሓልፍን ኢዩ ኢሉ ኣብቲ ወደብ ምዕ ጋቱ ኢዩ። ድሕሪ ናይ ደገ ሓይልታት ተጽዕኖን ተግሳጽን ንዘተወሰ ካብቲ ተሓይሩ ዝጸንሐ ናይ ረዲኤት እኽሊ ክኣቱ ስለዝፈቐደ ድማ፣ ከም ሓደ ዓቢ ምግባር ቆጺሩ ክጀሃረሉ ጀሚሩ'ሎ። ሓያሎይ መዓስ ሓገዝ ይርከብ ክብሉ ጸኒሖምስ ኣብ ወደብ ምስ በጽሐ ብቐረጽ ኣሳቢ·'ቡካ ተኸልኪሉ ዝሰምዑ ኤርትራውያን ይኹኑ ዘይኤርትራውያን ተዓዚብቲ ድማ ነቲ ኩነታት ".....ሓጋዚኣ ተረኣየትስ መዲዳ ትሓብእ..." ክብሉ ገሊጾሞ።

መንግስቲ ህግዲፍ ስለምንታይ እዩ ከምኡ ዝገብር ዝብል ብኩሉ ዝለዓል ዘሎ መልሲ ዘድልዮ ኣገዳሲ ሕቶ እዩ። እንተኾነ ግን፣ ንህዝቢ ኤርትራ ኮነ ንኣከያይዳ እቲ ስርዓት ክከታተሉ ንዝጸንሑ ኵሎም፣ እዚ ነጥቢ እዚ'ውን ሓድሽ ኣይኮነን። ሓድሽ ክኸውን እውን ኣይግባእን። ምኽንያቱ ናይቲ ስርዓት ኣከያይዳ፣ ብቑል ካብ ዝበል ኣትሒዙ፣ ቅድሚ ኩሉ ዝሰርዖ ህይወት ሰባት ምድሓን ዘይኮነስ ናይ ጉጅልኡ ካዝና ምምላእ እዩ። ንናይ ህዝብና ጸገም መዝሚዙ፣ ብጉልባብ ረዲኤት፣ ከምልማዱ ናቱ መኽሰባቱ ከቕድም ስለ ዝደሊ ጥራይ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፣ ነቲ ስርዓት ዘገድሶ፣ እቲ ብሰንኪ ምድንጓይ ረዲኤት ዝጠፍእ ህይወት ዘይኮነስ እቲ ካብ ቀረጽ ዝረኽቦ ገንዘብ እዩ። ብዘይካ'ዚ ነቲ ዝወሃብ ሓገዝ እውን ነቲ ቀንዲ ተጠቃሚ ክኸውን ዝግበኦ ጽጉም ህዝቢ ቁንጣሮ እናሃበ፤ እቲ ዝተረፈ ቀለብ ሰራዊቱ ክገብሮ ስለ ዝደሊ እዩ። ነዚ ንምዕዋት ድማ ነቶም ግብረሰናይ ትካላት እናርሓቐ፣ ባዕሉ ስርናይን ፊኖንን ክሰፍር ይደሊ ኣሎ። ስለዚ ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ኣብ ግዜ ጸገሙ ዘይድንግጸሉ መንግስቲ ሕጂውን ከቕልበሉ ይግባእ። ግብረሰናይ ትካላት፣ ሓገዝ ምቕራብ ጥራይ ዘይኮነስ፣ እቲ ረዲኤት ኣብቲ ግቡእ ተጠቃሚ ምብጽሑን ዘይምብጽሑን ክከታተላ ውን ሓላፍነተን እዩ ንብል።

## ኤርትራ፤-

**1. ብሰንኪ ቀረጽ፣ ረዲኤት ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ተዓጊቱ**

ብሰንኪቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝሓገሶ ንረድኤት ዝምልከት ቀረጽ፥ ማእለያ ዘይብሉ ህጹድ ረድኤት ኣብ ወደባት ኤርትራ ተዓጊቱ ኣሎ ክብላ ለገስቲ ማሕበራት ዘቕረባኦ ክሲ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣሉታ ክህበሉ ይፍትን ኣሎ።

ክልተ ሲሶ ካብቲ 3.6 ምልዮን ዝተቐማጢኣ ኤርትራ፣ ሓንቲ ካብተን

# ዜናዊ ጸብጻብ

ኣብዚ ዓመትዚ፡ ህጹጽ ረድኤት ዘድልየን ሃገራት ኢያ። ብመሰረት እቲ ንንጥፈታትን ናይ ዘይመንግስታዊ ትካላት ንምሕጻር ብ11 ግንቦት 2005 ዓ.ም እተሓንጸጸ ሓድሽ ሕጊ፡ ናይ ረዲኤት ትካላት ናይቲ ዘቕርቦ ረዲኤት ቀረጽ ክኸፍላ ግዱዳት ኢየን። ዓለማዊ ፕሮግራም መግቢ (World Food Programme) እተባህለ ናይ ሕቡራት ሃገራት ትካል፡ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣትሒዙ፡ ንረዲኤት ተባሂሉ እተለገሰ መግቢ ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ተዓጊቱ ከምዘሎ ዘረጋግጽ ጸብጻብ ካብ ኣህጉራዊ ውድባትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ከምእተቐበለ ሓቢሩ። “መንግስቲ ኤርትራ፡ ንረዲኤት ተባሂሉ ዝልገስ መግቢ ይኹን ካልእ ሓገዛት፡ ቀረጽ ክኽፈሎ ኣለዎ ዝብል ሕጊ ስለዘውጽአ፡ ሰበ-ስልጣን ናይታ ሃገር ነዚ ረድኤትዚ፡ ሒዞምዎ ኣለዉ” ኢሉ። ቀጺሉ፡ “እዚ ረዲኤትዚ፡ ብዘይ ቀረጽ ንምእታዉ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ዝርርብ ጀሚሩ ኣሎ” ኢሉ።

ገለገለ ዲፕሎማስያዊ ምንጪታት፡ ዓቐን ናይቲ ተታሒዙ ዘሎ ረዲኤት ከይጠቐሱ፡ “እቲ መግቢ፡ ብሰንኪቲ ኣብ ምጽዋዕ ዘሎ ሙቐትን ጠልን ክበላሾ ይኽእል ኢዩ” ኢሎም።

ሚኒስተር ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ ወይዘሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ፡ ዘይመንግስታዊ ትካላት ቀረጽ ክኸፍሉ ግቡኦም እኳ እንተኾነ፤ ናይዚ ረዲኤትዚ ቀረጽ ግን ናተይ ሚኒስትሪ ክኸፍለሎ ኢዩ ኢላ። “ናተይ ሚኒስትሪ፡ ነቲ ዝጥለብዎ ዘለዉ ቀረጽ ንሚኒስትሪ ናይ ፊናንስ ክኸፍለልሞ ስለዝኾነ፡ እቲ ሽግር ፍቱሕ ኢዩ” ኢላ ክብል ሮይተርስ ካብ ኣስመራ ዘመሓላለፎ ሓበሬታ ኣረጋጊጹ።

**2. ኤርትራ ንንጥፈታት ዩ.ኣስ.ኣይድ (USAID) ደው ከምዘበለቶ ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ ኣረጋጊጹ።**

መንግስቲ ኤርትራ ንንጥፈታት ዩ.ኣስ.ኣይድ (USAID) ደው ኣቢላቶ ዝብል ሓበሬታ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዙ ክዝርበሉ ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ። ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ፡ ሚስተር ስኮት ደሊሲ “መንግስቲ ኤርትራ ብንጥፈታት ዩ.ኣስ.ኣይድ (USAID) ሕጕስቲ ከምዘይኮነት ገሊጻትልና” ክብል ንመጀመርያ ግዜ ኣብዚ ሰሙንዚ ንጥፈታት ናይቲ ናይ ረዲኤት ትካል ደው ከምዝበለ ኣረጋጊጹ።

ክልተ-ሲሶ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተጽባዪ ረዲኤት ኮይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን፡ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ረዲኤት ትካላት ከባርርን፤ ናይ ረዲኤት ማሕበራት ንዝለገስኦ ናይ መግቢ ደገፍ፡ ቀረጽ ክኽፈሎ ኣለዎ ብዝብል ካብ ስነ-መጐት ብዝርሓቐ ኢ-ሰብኣዊ ኣገባብ ኣብ ወድብ ምጽዋዕ ክዓግትን ምፍታኑን፡ ብዛዕባ ህዝቡ ዝኾነ ይኹን ሓልዮት ዘይብሉ ስርዓት ምዃኑ ቍልጭ ኣቢሉ ዘርኢ ምስክርነት ኢዩ።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ነቲ ብ11 ሓምለ 2005 ዝሓገነ ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ዝኾነ ይኹን ረዲኤት ቀረጽ ክኸፍል ኣለዎ ዝብል ሕጊ፡ የለን፡ ከምኡ ኣይተባህለን ...ወዘተ እናበለ ኣሉታ ክህበሉ ድሕሪ ምጽናሕ፤ ለገስቲ ማሕበራት ነቲ ኣብ ምጽዋዕ ዝበጽሐ ናይ መግቢ ረዲኤት ቀረጽ ኣይንኸፍልን ኢና ኣብ ዝብል መርገጽ ድሕሪ ምድራቖም፡ ሓሶቱ ዕርቃኑ ክወጽእ ግድን ኮነ። ወይዘሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ፡ “ዘይመንግስታዊ ትካላት ቀረጽ ክኸፍሉ ዝብል ሕጊ ኣሎ፡ እንተኾነ ግን፡ ናይዚ ኣብ ምጽዋዕ በጺሑ ዘሎ ረድኤት ቀረጽ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ክኸፍሎ ኢዩ” ብምባል ብሓደ ሸነኽ ቀረጽ

ምኽፋል ከምዘሎ እናኣመነት፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፣ ባዕልና ክንከፍሎ ኢና ብዝብል ምስምስ ንምሽፋኑ ከንቱ ፈተነ ኣካይዳ ነይራ። ሕጊ እንተደኣኰይኑ፣ ሚኒስትሪ ወይዘሮ ኣስካሉ ቀረጽ ዝኸፍለሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ግን፣ እቲ ስርዓት ኣብቲ ዘውጽኦ ሕጊ ምድራኽ ዘየወጻጽኦ ምኽኑ ስለእተረድአ፣ ነቲ ረዲኤት ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ንነዊሕ ግዜ ድሕሪ ምዕጋቱ ብዘይ ቀረጽ ክኣቱ ዘፍቀደ። እዚ ከኣ፣ ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ-ሕጊ ከምዘየለ፣ ሎሚ ዝወጸ ሕጊ፣ ጽባሕ ከምዝፈርስ ዘመልክት ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ። ቅድም ክብል፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝውንንኦን 120 ዝኾና ረዲኤት ዘበጻጽሓ መኻይን ብመንግስቲ ኤርትራ ተሃጊረን ከምዝጸንሓ ውን ዝፍለጥ ኢዩ።

እቲ ስርዓት ብዝተኸተሎ ግጉይ ፖሊሲታት ንዝሰዓበ ሓፈሻዊ ቍጠባዊ ቅልውላውን ሕጽረት ናይ ወጻኢ ሸርፍን፣ ብቀረጽ ካብ ረዲኤት ትካላትን፥ ብምግባት ናይ ውሽጥን ወጻእን ንግድን፥ ብምቍጽጻር ምንቅስቓስ ናይ ወጻኢ ባጤራ ኣብ መዓርፎ ነፈርትን ኣጠቓቕማኡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ...ወዘተ ንምትካእ ኢሉ ዘካይዶ ዘሎ ጻረ ህዝቢ ዝኾነ ተግባር ምኻኑ ንምርዳእ ብዙሕ መብርሂ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።

ሱዳን

**ጠንቂ ናይ ፍልልያትና ምስ ኤርትራ ባህርያት ናይቲ ስርዓት ኢዩ**

ሱዳናዊት ጋዜጣ ኣልወጠን ብ23.08.2005 ኣብ ዝወጸ ሕታማ፣ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን፣ ኣሰይድ ሙስጣፋ እስማዓ .ል፣ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዘሎ ዲፖሎማስያዊ ዝምድናታት ንምምሕያሽ እተገብረ ጻዕርታት ዝፈሸለሉ ምኽንያት፣ ባህርያት ስርዓት ኤርትራ ኢዩ፤ ከምኡ ውን፣ ስርዓት ኤርትራ ምስ ሱዳን ሕውነታዊ ዝምድና ኣብ ምፍጣር ፈሺሉ ኢዩ ኢሉ። ቀጺሉ፣ ስርዓት ኤርትራ፣ ማሕሙድ ሸሪፎን ኣባላት ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ዝርክብዎም ብርክት ዝበሎ መራሕቲ ናይ ሓርነታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ዝኾኑ ፖለቲከኛታት ኣሲሩን ኣባሪሩን፤ ልዕሊ 30 ዝኾኑ ዲፕሎማስኛታት ተኣሲሮምን ተሰዲዶምን፤ እዚ ድማ፣ እቲ ስርዓት ካብ መድረኽ ናይ ሰውራ ናብ መድረኽ ናይ መንግስቲ ኣብ ምስግጋር ከምዝፈሸለ ኢዩ ዘረጋግጽ ኢሉ። ኣስዒቡ ኤርትራ ናጻ ጋዜጣታትን ፖለቲካዊ ፓርትታትን ዘይብላ ሃገር ኢያ ድሕሪ ምባል፤ እቲ መንግስቲ ሓደ ውልቀሰብ ዝመልኮ ሰውራዊ መንግስቲ ኰይኑ፣ ዝተረፈ ድማ ኢሳይስ ከምድላዩ ዘንቀሳቕሶ ደም ምኻኑ ኣስሚሩሉ። ስርዓት ኤርትራ፣ ካብቶም ኣብ ዓለምና ኩኑናት ዝኾነ ውሑዳት መንግስታት ሓደ ኢዩ።

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን ቀጺሉ፣ ስርዓት ኢሳያስ ንዝበልዓሉ ጸሕሊ ዝሰብር፣ ምኻኑ ኣቃሊዑ። ነዚ ንምርግጋጽ፣ ሃገራት ኣዕራብን ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎ ንዝገበርሉ ደገፍ ኣሉ ምባሉን፤ ከምኡ ውን፣ ብደገፍ ናይቲ ክሳዕ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነት ኣብ ጐድኒ ህዝብን ሰውራን ኤርትራ ደው ዝበለ ህዝቢ ሱዳን ውን ኣይኣምንን ኢዩ ኢሉ። ከምኡ ውን፣ ፕረሲደንት ዑመር ኣልበሺር፣ ነቲ ብምኽንያት ናይ ነፍስሄር ዶክተር ጆን ገረንግ ቀዳማይ ምኽትል ፕረሲደንት ክኸውን ምሻሙ ኣመልኪቱ ፕረሲደትን ኢሳያስ ብ9 ሰነ 2005 ዝለኣኸሉ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ክምልስ እንከሎ፣ ካብ ተመኩሮ ናይ ሱዳን ተማሂሩ፣ ኣብ ኤርትራ ብተመሳሳሊ መንፈስ ምስ ተቓወምቲ ስርዓት ኤርትራ ክሰርሕ ኣዘኻኺርዎ።

ቀጺሉ፣ ሽሕኳ ሱዳን ብስርዓት ኤርትራ ሕጉስ እንተዘይኰነ፤ ስርዓት ኤርትራ፣ ናይቲ ብውጽኢት ናይ ተጋድሎኡ ዘይረብሐን ኣብ ብርሰትን ውግኣትን ቍጠባዊ ማሕነቕትን ዝነብር ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ሓላፍነት ክስከም ኣዘኻኺሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ፈታዊና ህዝቢ ኢዩ፤ ንሕና ድማ፥ ምስ ኤርትራ ዘሎና ዝምድና ብጥንቃቐ ኢና ንሕዞ። እንተኾነ ግን፥ ስርዓት ኤርትራ፥ ኣብ ልዕሊ ሱዳን ዘካይዶ ዘሎ ተጻብኦታት ደው ክብሎ ኣለዎ ኢሉ። ነቲ ኣቦ መንበር ሱዳናዊ ምትእኽኻብ (ተጀሙዕ) መሓመድ ዑስማን ኣልምርቃኒ ኣብ መንጐ ሱዳንን ኤርትራን ንዘሎ ዝምድና ንምምሕያሽ ዝወሰዶ ዘሎ ተበግሶታት መንግስቲ ሱዳን ሓንጐፋይ ኢሉ ከምዝቕበሎ ኣረጋጊጹ። ነዚ ብዝምልከት ምስ መሓመድ ዑስማን ኣልምርቃኒ ብተለፎን ከም እተዘራረበ ውን ሓቢሩ። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ሱዳን፥ ሙስጣፋ ዑስማን፥ ነዝ ብዝምልከት መርገጽ ሱዳን እንታይ ምዃኑ ገሊጽሉ። ክልቲኡ ህዝብታት ሱዳንን ኤርትራን ዝኣሳስሮ ናይ ሓባር ረቛሕታት ኣለዎ፤ እዚ ሕጂ ዘጋጥም ዘሎ ሕማቕ ዝምድናታት ብርቅን ሓላፍን ኢዩ ክብል ገሊጽዎ።

ነቲ ኣብ መንጐ ክልቲኡ ሃገራት ዘሎ ጸገማት ክገልጽ ከሎ ከኣ፥ እቲ ሽግር ብቐዳማይ ደረጃ ጸጥታዊ ኢዩ፤ ካብዚ ሓሊፉ፥ ሱዳን ምስ ኤርትራ ሕዱር ጽልኢ የብላን ኢሉ። እቲ ዝድለ ድማ፥ ስርዓት ኤርትራ ብኣህጉራዊ ሕግታትን ናይ ሰናይ ጉርብትና መትከላትን ናይ ሕብረት ኣፍሪቃ ቻርተርን ክምእዘዝ ኢዩ። ኣስዒቡ፥ ሙስጣፋ ዑስማን እስማዒል፥ ንርእይቶ መንግስቲ ሱዳን ንሰበስልጣን ኤርትራ ክሕብርን ክዝትን፥ ንመሓመድ ዑስማን ኣልምርቃኒ ምሉእ ውክልና ከምዝሃቦ ኣሚቱ። ሱዳን፥ ተቓወምታ ኣብ ኤርትራ ኰይኖም ሰላማዊ ቃልስታቶም ከካይዱ ኣይትጸረርን ኢያ። ካብ ኤርትራ ተበጊሶም ኣብ ልዕሊ ሱዳን ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ከካዩ ግን ኣይትቕበሎን ኢያ ኢሉ።

ሕቡራት ሃገራት፥-

ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት ነቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዝውሃብ ዝነበረ ሓገዝ ደው ዘበለ ውሳኔኡ ዳግመ ርእይቶ ክገብረሉ ምዃኑ ገሊጹ። ነዚ ውሳኔዚ ዳግመ-ርእይቶ ንምግባር ዘገደደ ምኽንያት፥ እቲ ብዝሒ ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን እናዛየደ ስለዝመጸን፤ እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ውን ዘተባብዕ ስለዘይኮነን ኢዩ። ነቲ ከም ስደተኛታት ቅቡልን ዘይቅቡልን ንምፍላይ ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ዘካይዶ ሕጋዊ ናይ ምጽራይ መስርሕ (legal screening) ዘይሓለፉ ቀሊል ዘይኮነ ቍጽሪ ዘለዎም ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝውሃቦም ዝነበረ ሕክምናውን ትምህራታውን ኣገልግሎትን ናይ መግቢ ረዲኤትን ደው ክብል ድሕሪ ምውሳኑ፥ መነባብሮኦም ኣዝዩ ጽንኩርን መሪርን ከምዝኾነ ዝዝከር ኢዩ። እቶም ነቲ ናይ ምጽራይ መስርሕ ዝሓለፉ ስደተኛታት እንተኾኑ ውን፥ እቲ ዝውሃቦም ኣገልግሎትን መግብን ካብቲ ቀደም ዝረኽብዎ ዝነበሩ ኣዝዩ ለጠቕ ዝበለ ምዃኑ ዝዝከር ኢዩ።

ኮሚሽነር ስደተኛታት ኣንትዋን ጅንዲስ ኣብ ሱዳን ኣብ ዝገበሮ ዘሎ ዑደት፥ ምስ ፕረሲደንት ሃገረ ሱዳንን ናይ ወጻኢን ናይ ውሽጥን ናይ ሰብኣዊ ጉዳያት ሚኒስትሪታትን ዝርከብዎም ብርክት ዝበሉ ላዕለዎት ሰበስልጣን ከምዝተራኸበ ውን ይፍለጥ። ከምኡ ውን፥ ትማሊ ኣብ ምዕራብ ሱዳን ዝርከብ ናይ እተዘናበሉ ስደተኛታት መደበር በጺሑ። ሚስተር ኣንትዋን፥ ምዕራብ ዳርፉርን ናብ ኢንጀማይና ርእሰ-ከተማ ቻድ፥ ኣብ ደቡብ ሱዳን ዝርከባ ሩምበክን ያይን እተባህላ ከተማታት ንምብጻሕ ቅድሚ ሎሚ ዕለት 24.08.2005 ካብ ካርቱም ተበጊሱ ኣሎ። ብድሕርዚ ውን፥ ኣብ ከንያ ዝርከብ ናይ ሱዳናውያን ስደተኛታት መደበር ክበጽሕ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

**2. ሕቡራት ሃገራት፥ ብሕማቕ ኩነታት መነባብሮ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን የጠንቅቕ**

ሱዳናዊት ጋዜጣ ኣልስሓፋ፥ ሕቡራት

ሃገራት ን90,000 ዝኾኑ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከቡ ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ስደተኛታት ብ50% ዝኸውን ትሕዝቶ ንምምጋብ እቃለስ ኣሎኹ ዝብል መግለጺ ከምዝሃበ ኣብ ናይ ዕለት 27.08.2005 ሕታማ ዘኪራ። ሚስተር ራሚሮ ሎፐዝ ደሲልቫ፡ ዳይረክተር ዓለማዊ ትካል መግቢ ኣብ ሱዳን፡ “ንስደተኛታት ንምቕላብ ጀሚርናዮ ዘሎና ዕማም ክቕጽል እንተደኣኰይኑ፡ ናይ ዓለም ሓገዝ የድልየና ኢዩ” ኢሉ። ቀጺሉ፡ ናይ ዓለም ትካል መግቢ፡ ነቶም ኣብ 12 መደበራት ዝርከቡ፡ ሓሪሶም ደኹን ሰሪሖም ክነብሩ ዘይክእሉ ስደተኛታት ኢዩ ዝድግፍ ዘሎ ኢሉ። እዞም ስደተኛታት እዚኣቶም፡ ኣብ ሃገሮም ብዘሎ ኩነታት ስለዝሰግኡ፡ ኣዝዮም ውሑዳት እንተዘይኰይኑ ብፍቶት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ኣይደልዩን ኢዮም። ዓለማዊ ትካል መግቢ፡ ኣብ ናይሮቢ ዘውጽኦ ኣዋጅ፡ ካብቲ ክሳዕ መጋቢት 2006 ክውሃብ ተመዲቡ ዝነበረ 17.7 ሚልዮን ዶላር፡ ክሳዕ ሕጂ፡ ማለት ፍርቂ ናይቲ ተወሲኑ ዝነበረ ግዜ ድሕሪ ምሕላፉ፡ ተዋሂቡ ዘሎ ደገፍ 9.4 ሚልዮን ጥራሕ ኢዩ ኢሉ። ቀጺሉ፡ ኣብዚ እዋንዚ ኣብ ሱዳን ክህልዉ ካብ እንጽበዮም ዝነበርና ስደተኛታት ንላዕሊ ስለዝጸንሑና፡ ናይ መግቢ ምዕዳል መስርሕ፡ ብሰንኪ ዝምውሎ ኣካል ምስኣን ከየቋርጽ ወይ ድማ ከይውሕድ ስግኣት ኣሎና ኢሉ። ከምኡ ውን፡ ርግኣት ዘይምህላውን፡ ካብ ፖርትሱዳን ናብ መደበራት ስደተኛታት ስንቂ ናይ ዘጋዓዕዛ መኻይን ዋሕድን፡ ስንቂ ብቀጻልነት ናብቶም ስደተኛታት ንምብጻሕ ዕንቅፋት ኰይኑና ኣሎ ኢሉ። ብዘሎና ሓበሬታ ግን፡ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብቲ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከብ መደበራት ኤርትራውያን ስደተኛታት ብጽሖት ኣይገበረን።

ዓባይ ብሪጣንያ

ብ19 ነሓሰ 2005፡ ካብ ሰዓት 2 ድሕሪ ቀትሪ ጀሚሩ ክሳብ ሰዓት 3፡30 ድሕሪ ቀትሪ፡ ኣብ ኣፍደገ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ለንደን ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ። ኣብቲ ሰልፊ ልዕሊ 50 ዝኾኑ ኤርትራውያን ዝወቅዕ ዝነበረ ዝናም ከይዓ ጀቦም፡ ነቲ ኣብ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ግፍዒ ዓገቡ ኢሎም። እቶም ሰልፈኛታት፡ ነቲ ኣብቶም 161 ኤርትራያን ኣብ ዊዓ እተፈጸመ መቕተልቲ ኮኒኖም፤ ከምኡ ውን፡ ነቶም ነዚ ስጉምቲዚ ዝወሰዱ ኣብ ቤት ፍርዲ ክቐርቡን፥ ብዛዕባቲ እተፈጸመ ዘሰንብድ ተግባር ሰፊሕ ምርመራ ክካየድን፥ መንግስቲ ምሉእ መግለጺ ክህብን ጸዊዖም። ምስኡ ድማ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሽማግለታት ወለዲ ናይቶም ካብ ዓዲ ዝወጹ ኧኹላት መንእሰያት፡ ዝግበር ዘሎ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ደው ክብልን፥ እቶም ተኣሲሮም ዘለዉ ወለዲ ብዘይ ውዓል ሕደር ክፍትሑን እቶም ሰልፈኛታት ጸዊዖም። ነቲ ኣብ ናይ ሃይማኖት ትካላት ዝግበር ዘሎ ኣሉታዊ ምትእትታው ደው ክብልን፥ ንክብሪ ሰብኣዊ መሰላት፡ ንምፍታሕ ናይ ፖለቲካ እሱራት፡ ከምኡ ውን፡ ንዲሞክራሲ ዝጽውዑ ጭርሖታት፡ ሰልፈኛታት ድሕሪ ምስማዖም፤ ጠለባት ዝሓዘት ደብዳቤ ንጽሓፈት ኣምባሳደር ድሕሪ ምሃብ እቲ ሰላማዊ ሰልፊ ተዛዚሙ። ክብል ኤርትራውያን ንሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት-ዓባይ ብሪጣንያ፡ ብ21 ነሓሰ ኣብ ዘምሓላለፎ ጸብጻብ ሓቢሩ።